# ካብዞም ዝሰዕቡ ዝተሞኮርካዮም ኣለዉ?

ምስ ሕክምና ርክብ
ክትገብር ኣጸጋሚ እዩ

ኣዝማደይ ካባይ ኣዝዮም
ርሒቖም እዮም ዝነብሩ

እቲ ኣሰቤዛታት ባዕልኻ
ክትሸከሞ ከቢድ እዩ

ንሰብ-መዝን ትካላትን
ክትዉከሰ ከቢድ እዩ

ኣነ ንደቂ ደቀይ
ይናፍቖም እየ

ኣነ መዓልታዊ
ጽምዋ ይሰምዓኒ





ኣብዚ ሓገዝን ንእሽቶይ ምኽርን ኣሎ →

# ንዓኻ ጥራይ ናይ መዓልታዊ ናብራኻ ከቃልለልካ ዝኽእል ደገፉት

ሓደ ሓደ ግዜ ገንዘብ ኣይትኣኻኽልን እዩ፣ ግዜ ወይ ዓቕሚ ኣካል ዉን ብቑዕ ኣይኮነን፡ ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ሰበይ ዘለዉዎ ርሕቀት ነዊሕ ኮይኑ እቲ ናፍቖት ክኣ ሓያል ክኸዉን ይኽእል፡ ነቲ ቅኑዕ ሓገዝ ንምርካብ እቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክርከብ ከቢድ እዩ።

እቲ መዓልታዊ ህይወት ንዝተፈላለዩ ሰባት ብዝተፈላለየ መንገዲ ይሰርሓሎም ከምኡ ዉን ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ኩነታት ህይወት ይልወጥ እዩ፡ መብዛሕቱ ግዜ ነቲ ብድሆታት ብመንገድና ገጢምና መፍትሒ ንረኽበሉ ኢና፡ ይኹን እምበር ነቲ ድሮ ምሰና ዘሎ መፍትሕን ደገፍን ምጥቃም ዉን ይክኣል እዩ።

እዚ ድጂታል ዝብሃል ኩሉ ምምሃሩ ማለት ምኽኣሉ ኣይድልየካን እዩ፡ እቲ ንዕኻ ጥራይ ነቲ ናይ መዓልታዊ ህይወትካ ከቃልለልካ ዝኽእል ምርካብ ጥራይ እኹል እዩ።

**እቲ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት ንምልዮናት ሰባት ኣብቲ ናይ መዓልታዊ ህይወቶም ብዝቐለለ ንኽመርሑ ይሕግዝ እዩ ካብቲ ዝህቦ ኣገልግሎት ገለ ምሳሌታት ኣብዚ ታሕቲ ይሰዕብ፡**

**ተሌፎን ደዊልካ እቲ ትጽበዮ ዘሎኻ ናይ ተሌፎን ሪጋኻ መበል 158 እዩ! ብመርበብ ኢንተርነት ቆጸራ እንድሕሪ ሒዝካ ግን ካብ ነዊሕ ሪጋ ተሌፎን ትድሕን።**

**ምስ ኣብ ርሑቕ ዝነብሩ ኣዝማድን ኣዕሩኽን ደጋጊምካ ኣዕልል፡ ኣብቲ ናይ ቪድዮ ዘተ ብዙሓት ብሓደ ኮንኩም ከተዕልሉ ትኽእሉ።**

**መግቢ ብመርበብ ኢንተርነት ብምእዛዝ ካብ ጻድፍ ዝኾነ መደያይቦ ኣሰቤዛ ተሰኪምካ ምድያብ ድሓን።**

**ብ ኢመይል ከምኡ ዉን ብመልእኽቲ ምሰቲ ትደልዮ ሰብ ኣብ ዝደለኻዮን ንዓኻ ኣብ ዝጥዕመካን ክትራኸብ ትኽእል።**

**ብ ናይ ቪድዮ ዘተ ምስ ደቂ ደቅኻ ክትዛረብን ከተዕልልን ክትርእዮምን ትኽእል።**

**መድሃኒት እንድሕሪ ወዲእካ ብናይ ኤለትሮኒክ መንነት (e-legitimation) ጌርካ ከም ዝእዘዘልካ ክትገብር ትኽእል።**

**ኣብ ቤት-መግቢ ዝተኸሸነ ድሉው መግቢ ንግዛኻ ከምጹልካ ኣዝዝ።**

**ኣብ መርበብ ኢንተርነት ንኹሎም ሰብ-መዝን ትካላትን ክትረኽቦም ትኽእል፡ ንዘሎካ ብዙሕ ሕቶታት ኣብኡ መልሲ ክትረክብ ትኽእል ከምኡ ዉን ክትዉከሶም ትኽእል።**

# ኩሉ ክትምሃሮ ኣየድልየካን እዩ

መርበብ ኢንተርነትን ናይ ድጂታል ኣገልግሎትን ክትጥቀመሉ ናብቲ ናትካ ደረጃን (ዓቕምን) ንዓኻ ዝሰማማዕካን ጥራይ ኣተኩር፡ ኣብዚ ዝሰዕብ እቶም ዝተፈላለዩ ደረጃታት እንህዉ፡

## 1ይ ደረጃ፡ ምምዝጋብ ዘየድልዮ ናይ መርበብ ኢንተርነትን ናይ ድጂታል ኣገልግሎትን ተጠቐም

ምስ ኢንተርነት ከራኽብ ዝኽእል ኮምፕዩተር፣
ታብለት (surfplatta) ወይ ሞቢል ተሌፎን

ህላወ ናይ ኢንተርነት መላግቦ (እቲ ሓደ ሓደ ግዜ ዋይ ፋይ wifi ወይ ሱርፍ ዝብሃል)፡ ባዕልኻ ትዉንኖ ብወርሓዊ ዝኽፈል ቅድመ-ጠለብ ኣብ ገዛኻ፣ ንሞቢል ተለፎንካ ወይ ንታብሌትካ ተኾናተር፡ ኣብ ቤት-ንባብን ኣብ ካልእ ናይ ህዝባዊ ቦታታን ዉን ብነጻ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

## 2ይ ደርጃ፡ ምምዝጋብን ካልእ ፍልይ ዝበለ መደብ (ፕሮግራም) ዘድልዮ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት ተጠቐም

**ናይ ኤለትሮኒክ መንነት (E-legitimation) – ዲጅታላዊ ኣማራጺ ናይ መንነት ወረቐት**
ኣብ ሓደ ሓደ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት ሓደ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ከድልየካ እዩ፡ ሰለሰተ ዝተፈላልየ ዓይነት ዝምርጽ ኣሎ፡

- ካብ ባንክኻ ትእዝዞ ባንክ ኣይ ዲ (BankID)
- ፍረያ ኢ ኣይ ዲ ፕሉስ (Freja eID Plus) ኣብ ተወከልቲ ኣተገ (ATG) ከተናጥሮ ትኽእል
- ኣብ ህዝባዊ መዝገባ (Skatteverket) ኣመልኪትካ ክትረኽቦ ትኽእል ኣበ ሰሸንስካ ፓስ (AB Svenska Pass)

**ናይ ኤለትሮኒክ ቡስጣ ሕሳብ (E-postkonto) – ከም ናይ ቡስጣ ሳጹን**
ብናይ ዉልቅኻ ናይ ኤለትሮኒክ ቡስጣ ሕሳብ ጌርካ እዚ ዝሰዕብ ክትገብር ትኽእል ንምሳሌ ቡስጣ፣ ሰእሊ፣ ፊልምታት ክትሰድደን ክትቅበልን ትኽእል ከምኡ ዉን ሓበሬታ ካብ ሰብ መዝን ትካላትን ክመጸካ ይኽእል፡
ናይ ኤለትሮኒክ ቡስጣ ሕሳብ ንብዙሕ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት የድሊ።

**ኣፕ (App) ከምኡ ዉን ፕሮግራማት ዝቐለለን ዝሓሸን ፍጻሜታት ክህቡ ይኽእሉ**
ሓደ ሓደ ግዜ ንሓደ ኣገልግሎት ብዝበለጸ ክትጥቀመሉ ክትክእል ምእንቲ ኣብ ኮምፕዩተርካ ፍልይ ዝብለ ኣፕ ተዉርድ፡ እቶም ኣብ ታብለትካ ወይ ኣብ ሞቢል ተሌፎንካ ዘዉረድካዮም ምዕቃብ ከድልየካ እዩ፡ ኣዝዮም ብዙሓት ኣፕ ብነጻ እዮም።

**ብዛዕባ ሓበሬታን ደገፍን ኣበይ ሓገዝ ምእንቲ ክትረክብ ክትፈልጥ ናብ ንኣሸቱ ሓሳብት ትረኽበሉ ገጻት ቀጺልካ ገንጽል →**

# ናብ ቤት-ንባብ ኪድ

መብዛሕተን ቤት-ንባባት ኣብ ሽወድን ንኹሉ ሰባት ክፉታት ኮይነን ዝኾነ ሰብ ኣብኡ ደገፍን ሓገዝን ክረክብ ይኽእል።

ብዙሓት ቤት-ንባባት ነቲ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት ክጥቀምሉ ዘይክእሉ ሰባት ንኽድግፉ ፍልይ ዝበለ ጻዕርታት ይገብራ እየን፡ ንምሳሌ ብነጻ ዝዉሃብ ኣስተምህሮ (ኮርስ) ብምሃብን ናይ ሓበሬታ ርክባትን ታብለት ብለቓሕ ምሃብን።

**ኣብ ቤት-ንባብ እዞም ዝሰዕቡ ሓገዛት ክትረክብ ትኽእል፡**

- ናይ ቤት-ንባብ ኮምፕዩተራትን መርበብ ኢንተርነትን ምጥቃም (ብነጻ)
- ሓበሬታን ካልእ ንዓኻ ዘገድሰካን ብወረቐት ምሕታም (ቁሩብ ገንዘብ የኽፍሉ ይኾኑ)
- ኣብ ኣኼባታት ምስታፍን ከምኡ ዉን ዝኾነ ሰብ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት ከመይ ጌርካ ከም ትጅምር ከርኢ ከሎ ዝግብር ንጥፈታት ምስታፍ
- ካልኦት ን መርበብ ኢንተርነትን ንድጂታል ኣገልግሎትን ዉን ሓደሽቲ ዝኾኑ ሰባትን ትረክብ

## ንኣሽቱ ምኽርታት!

እዛ ናይ መርበብ ኢንተርነት ኣድራሻ ናብ ቤት-ንባብ ክትከይድ ከሎኻ ተማልኣያ፡
**pts.se/digitalstart**

ናብታ መርበብ ኢንተርነት ክትኣትዋ ክሕግዙኻ እዮም ከምኡ ዉን እቲ ዘድልየካ ሓበሬታ ኣብ ወረቐት ክትሓትም ክሕግዙኻ እዮም፡ ኣብቲ ኣብቲ ናይ መርበብ ኢንተርነት ገጽ ጽቡቕ መሕበርታትን ደገፍ ናይ መምርሕታትን ኣሎ ንምሳሌ ከም እዞም ዝሰዕቡ፡

- ናይ ቪድዮ ዘተ ከመይ ጌርካ ከም ትጅምሮ
- ኣብ መርበብ ኢንተርነት መግብን መድሃኒትን ምሽማት
- ናይ ኢ-መይል ሕሳብ ምጥራይ
- ብዛዕባ ክንክንን ጥዕናን ሓበሬታ ካብ መሕበሪ 1177 ምንዳይ
- ናይ ሰብ-መዚ ሓበሬታ ብ መርበብ ኢንተርነት ምርካብ

# ንናይ ከተማኻ ምምሕዳር ተወከስ

ምምሕዳር ከተማኻ ንስኻ ከም ዜጋ ጽቡቕ ንኽትህሉ ይሰርሑን ሓላፍነት ይወስዱን፡ እቲ ምምሕዳር ከተማኻ መዓልታዊ ናብራኻ ጽቡቕ ምእንቲ ክካየድልካ እቲ ዘድልየካ ሓገዝን ኣገልግሎትን ከም ትረክብ ክገብሩ እዮም።

ብዙሓት ምምሕድራት ከተማ ኩሎም ተቐማጦ ናይ መዓልታዊ ናብርኦም ክቐለሎም ምእንቲ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት ክጥቀሙ ክኽእሉ ዝያዳ ጻዕርታት ይገብሩ እዮም፡ ናብ ናይ ምምሕዳር ከተማ ደዉል ወይ ናይ ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ብምኻድ ኣብኡ እንታይ ደገፍ ከም ዝልግሱልካ ሕተት።

**ንምሳሌ እዚ ዝሰዕብ ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል፡**

- ናይ ኢቲ ዘተዓራርይ (it-fixare)፣ ናይ ድጂታል ዓላሚ ወይ ዝተመሳሰለ ኣገልግሎት ዝህብ ክሕግዘኒ ዝኽእል ሰብ ኣለኩም?
- ታብለት (surfplatta) ምልቃሕ ይክኣል ድዩ?
- ንሓደሽቲ ናይ ድጂታል ዝጅምሩ ሰባት ትምህርቲ፣ ስልጠና ወይ ንጥፈታት ኣለኩም?
- ዲጂ ደል ሰንተር (DigidelCenter) ኣለኩም? ወይ ገለ ሰባት ብዛዕባ ናይ ድጂታል ናዉትን ኣገልግሎትን ክሕግዙን ንሕቶታት መልሲ ክህቡ ዝኽእሉ ካልእ ቦታ ኣለኩም?
- ካልኦት ከምዚ ኸማይ ናይ ድጂታል ሓደሽቲ ጀመርቲ ዝኾኑ ሰባት ክራኸበሉ ዝኽእል ኣኼባታት ተዳልዉ ዲኹም?



# ካብ ትፈልጦ ሰብ ሓገዝ ተቐበል

ከርእዩኻን፣ ክገልጹልካን ክሕግዙኻን ዝኽእሉ ሰባት ዶ ኣብ ቀረባ ኣለዉኻ? ምናልባት ሓደ ዘመድ፣ ሓደ ዓርኪ፣ ሓደ ጎረቤት ወይ ካልእ ሰብ ናይ ድጂታል ልምዲ ዘለዎ።

እቲ ሰብ ትኣምኖ ክኸዉን ኣለዎ እቲ ኣገዳሲ ቃለ-ምስጢር (ፓስ ዎርድ ወይ መሕለፊ) ከምኡ ኸኣ ናይ ዉልቅኻ ሓበሬታ ንምሳሌ መመለለይ ቁጽርኻ (ፐርሹን ኑመር) ብምስጢር ዓቅብ።

ሓገዝ ንምሕታት ኣይትፍራሕ፡ ብዙሓት እንዳ ተሓጎሱ ክሕግዙ ይደልዩ እዮም።

**እቲ ሰብ እንታይ ክሕግዘካ ከም ዝኽእል ገለ ሓሳብት ነሰዕብ፡**

- መርበብ ኢንተርነትን ዝተፈላለየ ናይ ድጂታል ኣገልግሎትን ከመይ ጌሩ ከም ዝሰርሕ
- ኮምፕዩተር፣ ታብለት ሰማርት ተሌፎን ንኸተጥሪ (ክትገዝእ) ክሕግዘካ
- መራኸቢ መርበብ ኢንተርነት ከመይ ጌርካ ከም ተጋጥም ይሕግዘካ
- ናይ ኤለትሮኒክ ደብዳበ ሕሳብ ክትከፍት፣ ፕሮግራማት ከምኡ ዉን ኣፕ (App) ከተዉርድ ይሕግዘካ
- እቲ ዝተፈላለየ ቃላት እንታይ ትርጉሙ የረድኣካ
- ሓበሬታታት፣ መምርሒታታት ከምኡ ውን ናይ ደገፍ ናዉትታት ኣብ ወረቐት ይሓትመልካ

**መምርሒታትትን መግልጽታትን ኣብ ወረቐት ሓቲምካ ብሰላምን ህድኣትን ኣንብብ፡**
ኣብ ሓደ ናይ መርበብ ኢንተርነት ገጽ ኣብ ወረቐት ክትሓትሞ ትኽእል ጽቡቕ መምርሕን፣ መግለጽን ከምኡ ዉን ንኣሽቱ ምኽርታትን ኣኪብና ኣሎና፡ እቲ ድላይካ መሪጽካ ኣብ ወረቐት ብምሕታም ኮፍ ኢልካ እንዳ ገንጸልካ ብሰላምን ህድኣትን ከተንብቦ ትኽእል፡ ኣብ መርበብ ኢንተርነት **pts.se/digitalstart** ብምእታው ብሓንሳብ ኾንኩም ርኣይዎ።



# ደገፍ ዝዉፍዩ ዉድባት ተወከሰ

ብዙሓት ዉድባትን ማሕበራትን ንሓደሽቲ ናይ ድጂታል ጀመርቲ ደገፍ ይህቡ፣ ንጥፈታትን ሓበሬታን ይወፍዩ፡ ንምሳሌ ትምህርቲ ብምድላውን ብኣካል ብምርኻብ ድማ ሕቶታት ብምምላስን ይድግፉ፡ እዚ መብዛሕቱ ብነጻ እዩ፡ ብዛዕባ እዚ ኣብዚ ታሕቲ ንኣሸቱ ምኽርታት ነሰዕብ፡

**ናይ ኣገልግሎት ቤት-ጽሕፈት (Servicekontor)**
መንግስቲ ክትከዶ ትኽእል ኣብ ሙሉእ ሃገር ናይ ኣገልግሎት ቤት-ጽሕፈት ኣለዋ፡ ኣብኡ እቲ ናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት (e-tjänster) ንኽትጥቀመሉን ሓባሪ መንገድን ሓበሬታን ክትረክብን ካብ ብዙሓት ናይ እዚ ሃገር ሰብ-መዚ ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡ ናይ'ዚኦም ናይ መርበብ ኢንተርነት ገጽ፡ statenssc.se/besokservicekontor እዩ

**ናይ ተሌፎን ኣገልግሎት ሃለዉ ዓዳጊ (Hallå konsument)**
ብዛዕባ ናይ ኣቑሑን ኣገልግሎትን ምግዛእ፡ ንምሳሌ ከም ሞቢል ተሌፎን ምግዛእ፣ ከም ናይ ኮምፕዩተር ከምኡ ዉን ናይ ቅድመ-ጠለብ ሕቶ እንድሕሪ ኣሎካ ብነጻ ዝምልሱ ናይ ተሌፎን ኣገልግሎት ኣለዉ፡ ብመርበብ ኢንተርነት ክትገዝእ ከሎኻ እንታይ እዩ እቲ ኩነት ዉን ይነግሩኻ፡ ትድዉለሉ ተሌፎን ቁጽሪ፡ 0771-525 525 ኮይኑ ናይ መርበብ ኢንተርነት ገጽ ክኣ፡ hallakonsument.se እዩ

**ናይ ትምህርቲ ማሕበር**
ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይ ሽወደን ዝተፈላለየ መሰልጠኒ ማለት ኮርስ ዝህባ ዓሰርተ ብብዓይነተን ናይ ትምህርቲ ማሕበራት ኣለዋ፡ ኣብቲ ትቕመጠሉ ሰፈር ንናይ ድጂታል ጀመርቲ እንታይ ሓገዝ ከም ዘሎ ሕተት፡ ናይቶም ዝተፈላለዩ ማሕበራት ሓበሬታ ዘለዋ ናይ መርበብ ኢንተርነት ኣድራሻ፡ studieforbunden.se/om-oss እዩ

**ናይ ሰራሕተኛታት ትምህርቲ ማሕበር ABF**
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-613 50 00

**ህዝባዊ ዩኒቨርሰቲ Folkuniversitetet**
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-679 29 50

**ኢብን ሩሽድ ናይ ትምህርቲ ማሕበር**
Ibn Rushd studieförbund
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-562 449 00

**ናይ ባህሊ ምስልጣን ሰርሒት**
Kulturens Bildningsverksamhet
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-470 24 45

**ናይ ዜጋታት ትምህርቲ Medborgarskolan**
ቁጽሪ ተሌፎን: 010-157 57 57

**ናይ ዘይ'ምሰካር ምንቅስቓስ ምስልጣን ሰርሒት**
Nykterhetsrörelsens Bildningsverksamhet
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-672 61 00

**ሰንሱስ ናይ ትምህርቲ ማሕበር Sensus studieförbund**
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-615 57 00

**ናይ ትምህርቲ ማሕበር ቢልዳ Studieförbundet Bilda**
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-727 17 10

**ናይ ትምህርቲ ማሕበር ናይ ብጹሓት ቤት-ትምህርቲ**
Studieförbundet Vuxenskolan
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-587 686 00

**ናይ ምምሃር ምትብባዕ Studiefrämjandet**
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-545 707 00

**ፍልይ ዝበለ ደገፍ ንዕድመ ዝደፍኡ ሰባት**
ነዚ ናይ ድጂታል ጥበብ ከመይ ጌሮም ክጥቀምሉ ክምሃሩ ዝደልዩ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ፍልይ ዝበለ ደገፍ ዝህባ ማሕበራትን ናይ ኣባላት ዉድበታትን ኣለዋ።

**ናይ ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት መራኸቢ ኣብ ሽወደን SeniorNet Sweden**
ንመኽሰብ ዘይሰርሕ ማሕበር ናይ ዞባዊ ክበብ ዘለዎ ኾይኑ ኣብቲ ክበብ ክኣ ንብዕድመ ዝድፍኡ ሰባት ንናይ ድጂታል ጥበብ ክጥቀሙ ዝምህሩን ዝትሓባበሩን።
ቁጽሪ ተሌፎን: 076-027 27 17
ናይ መርበብ ኢንተርነት ቦታ: seniornet.se

**ናይ ጡረታ ዝወጹ ሃገራዊ ዉድብ**
Pensionärernas riksorganisation, PRO
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-692 32 50
ናይ መርበብ ኢንተርነት ቦታ: pro.se

**ኤስ ፒ ኤፍ ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት SPF Seniorerna**
ቁጽሪ ተሌፎን: 08-701 67 00
ናይ መርበብ ኢንተርነት ቦታ: spfseniorerna.se

**ኤስ ኮ ፒ ኤፍ ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት SKPF Seniorerna**
ቁጽሪ ተሌፎን: 010-222 81 00
ናይ መርበብ ኢንተርነት ቦታ: skpf.se

# እቲ ናይ ድጂታል ሓገዝ – ናይ ሓበሬታ ጻዕሪ ካብ ናይ ቡስጣ- ተሌን ፈጸምቲ ኣካል

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብናይ ቡስጣ- ተሌን ፈጸምቲ ኣካል (PTS) ዝቐረብ ኾይኑ ሐደ ክፋል ናይቲ ናይ ድጂታል ሓገዝ ናይ ሓበሬታ ጻዕሪ እዩ።

ኩሉ ሰብ እቲ ናይ ድጂታል መፍትሕታት ክምሃርዋ ኣየድልዮምን እዩ፡ ይኹን እምበር ንመዓልታዊ ናብራ ከቃልሉሉ ዝኽእሎም ናይ ድጂታል መፍትሒ ኣሎ፡ እዚ ዕላማ ናይ ድጂታል ሓደ ሓድሽ ጀማሪ እታ መጀመርያ ስጉምቲ ናይ ድጂታል ብኸመይ ከም ዝወሰዳ እዩ ዘርኢ ከምኡ ኸኣ ሓገዝ ካበይ ከምዝረክብ ይሕብር።

---

**እዚ ናይ ድጂታል ሓገዝ ኣርባዕተ ክፋል ዝሓዘ እዩ**

ኣብ ሓደ ዝተጠርነፈ ሓደ ናይ መርበብ ኢንተርነት ቦታ ሓበሬታ፣ ደገፍ፣ ንናይ ድጂታል ንሓደሽቲ ጀመርቲ ንኣሽቱ ምኽርታት ዝሓዘለ። **pts.se/digitalhjalpen** እዩ

ሰድሪ ብሰድሪ ዝመርሕ ናብ ወረቐት ክሕተም ዝካኣል ከምኡ ዉን ናይ ዝተፈላለዩ ናይ ድጂታል ኣገልግሎት ከም ናይ ቪድዮ ዘተ ወይ ብመርበብ ኢንተርነት ኣቢልካ መግብን መድሃኒትን ምሽማት ዝሕበር መርበብ ኢንተርነት። **pts.se/digitalstart**

ፍልይ ዝበለ ናይ ናዉቲ ደገፍ ንኣብ ሕክምናን ክንክንን ዝሰርሑ ሰባትን ከምኡ ዉን ኣብ ንሓደሽቲ ናይ ድጂታል ጀመርቲ ዝድግፉ ዝሰርሑ ሰባትን።

ብዛዕባ እቲ ናይ ንሓደሽቲ ጀመርቲ ድጂታል ዘሎ ደገፍ ንምዝርጋሕ ምትሕግጋዝን ምንጣፍን።